Tigrinya

# ቲቢ(ዓባይ ሰዓል)

## ቲቢ(ዓባይ ሰዓል) እንታይ እዩ?

ቲቢ(ዓባይ ሰዓል) ማይኮባክተርዮም ቲበርክሎሰስ ብእተባህለ ባክተርያ(ጀርም) ይመጽእ። ቲቢ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ሰብ ሳናቡእ የጥቅዕ፡ እንተኮነ ግና ካልኦት ክፋላት ሰብነት ከም ሓንጎል፡ ኩሊት ወይ ዓንዲሕቆ ከጥቅዕዉን ይኽእል እዩ።

## ብኸመይ ይላባዕ?

- ሳናቡእ ወይ ጎሮሮ ብቲቢ እተጠቕዐ ሰብ ክስዕል፡ ክዝምር ወይ ክዛረብ ከሎ ብኣየር ይላባዕ ወይ ይመሓላለፍ።
- ናይ ቲቢ ጀርም ኣብ ኣካል ሰብ ምስ ኣተወ፡ እቲ ሰብ ናይ ቲቢ ረክሲ ይሕዞ። እዚ ናይ ቲቢ ረኽሲ፡ ኣካልካ ነቲ ረኽሲ ካብ ምዕባይ ደው ከብሎን ክከላኸሎን ክኢሉ ክሳዕ ዘሎ፡ ዛሕቲሉ ወይ ደቂሱ ይጸንሕ። ኣካልካ ነቲ ናይ ቲቢ ጀርም ክከላኸሎ ምስ ዘይክእል፡ ዓቢዩን ተላቢዑን ሕማም ቲቢ የስዕብ።
- ንገለ ሰባት ጀርም ቲቢ ምስኣተንፈሰዎ ኣብ ውሽጢ ሰሙናት ሕማም ቲቢ ክሕዞም ይኽእል። ካልኦት ሰባት ድማ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ብኻልእ ምኽንያት ምስ ዝንኪ ወይ ዝደክም፡ ድሕሪ ዓመታት ክሓሙ ይኽእሉ።

## ፍልልያት ረኽሲ ቲቢን ሕማም ቲቢን እንታይ እዩ?

### ረኽሲ ቲቢ እንታይ እዩ?

ጀርም ቲቢ ኣብ ኣካላትካ ኣሎ፡ ግናኸ ኣየሕምመካን እዩ።

ረኽሲ ቲቢ ዘለዎም ሰባት፥

- ምልክታት የብሎምን፡
- ኣይሓሙን እዮም፡
- ናይ ቲቢ ጀርም ንኻልኦት ኣየመሓላልፉን እዮም፡
- ናይ ቲቢ ጀርም መድሃኒት እንተዘይወሲዶም ሕማም ቲቢ ከማዕብሉ ይኽእሉ፡

ረኽሲ ቲቢ ንክትፍውሶ ቀሊል እዩ። ንረኽሲ ቲቢ'ኻ መድሃኒት ምውሳድ ነቲ ቲቢ ዓብዩ ሕማም ቲቢ ንከየስዕብ ይከላኸል።




### ሕማም ቲቢ እንታይ እዩ?

ጀርም ቲቢ ኣብ ኣካላትካ ይዓብዩን ይላባዕን።

ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት፡

- ነዚ ዘጠቓልል ምልክታት ኣለዎም፡
  - ☐ ን2 ሰሙናት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝጸንሕ ሰዓል፡
  - ☐ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
  - ☐ ደምን ዓኽታን ዘለዎ ሰዓል፡
  - ☐ ድኻምን ምሕላላን
  - ☐ ምጉዳል ክብደት
  - ☐ ሸውሃት ዘይምህላው
  - ☐ ቊሪ ቊሪ
  - ☐ ረስኒ
  - ☐ ኣብ ለይቲ ምርሃጽ
- ወትሩ ስምዒት ሕማም
- ናይ ቲቢ ጀርም ንኻልኦት ከመሓላልፍ ይኽእል፡
- ነቲ ሕማም ንምሕዋይ መድሃኒት የድሊ፡



# ሕማም ቲቢ ብኸመይ ይፍለጥ?

## ሕማም ቲቢ

- ሓኪምካ ሕማም ቲቢ ከም ዘሎካ እንተገሚቱ ወይ እንተጠርጢሩ፥ ከምዚ ይገብር፡
  - ☐ ኣብ ሳንቡእካ ጀርም ናይ ቲቢ ምህላዉ ንምርኣይ፡ ናይ ዓኽታ መርመራ ንክትገብር ይሓተካ፡
  - ☐ ካብቲ ቲቢ፥ ዝኾነ ናይ ሳንቡእ መጉዳእቲ እንተሎ ንምርኣይ፡ ናይ ኣፍልቢ ራጂ ወይ ኤክስረይ ንምግባር ይሰደካ፡
  - ☐ ኣብ ካልኦት ክፍሊ ኣካላትካ ቲቢ እንተሎካ ንምርኣይ፡ መርኣዪ ቲሹ (biopsy/ባዮብሲ) ይወስድ፡
- ውጽኢት እዞም መርመራታት እዚኣቶም ፖሰቲቭ- positive እንተኾይኖም ሕማም ቲቢ ኣሎካ ማለት እዩ።

## ረኽሲ ቲቢ

- ሓኪምካ ረኽሲ ቲቢ ከም ዘሎካ እንተገሚቱ ወይ እንተጠርጢሩ፡ ከምዚ ይገብር፡
  - ☐ ኣብ ቆርበት ዝግበር መርመራ (TST) ወይ ድማ IGRA (Interferon-Gamma Release Assays) ዝበሃል ናይ ደም መርመራ ይገብረልካ፡
- እዚ ናይ ኣብ ቆርበት ዝግበር መርመራ (TST) ወይ ድማ IGRA (Interferon-Gamma Release Assays) ዝበሃል ናይ ደም መርመራ ውጽኢት ፖሰቲቭ እንተኾይኑ፡ ጀርም ቲቢ ኣብ ኣካላትካ ኣለዉን
- ረኽሲ ቲቢ ድማ ኣሎካ ማለት እዩ።
  ረኽሲ ቲቢ ዘለዎም ሰባት ጽቡቕ ከምዝስምዖምን ዝርአ ምልክታት ከምዘይብሎም ዘክር።

## ቲቢ ብኸመይ ይፍወስ?

- ቲቢ ብመድሃኒት (ኣንቲባዮቲክስ ወይ ጸረ ነፍሳት) ክፍወስ ይኽእል።
- ረኽሲ ቲቢ ዘለዎም ሰባት ን4-9 ወርሒ ሓደ መድሃኒት ይወስዱ።
- መድሃኒት ረኽሲ ቲቢ ምውሳድ፥ ናብ ሕማም ቲቢ ንከይቅየር ንጀርም ቲቢ ደው የብሎ።
- ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ን6-12 ወርሒ ወይ ካብኡ ንላዕሊ፥ በ4 ወይ ካብኡ ዝበዝሕ ዝተፈላለየ መድሃኒታት ይፍወሱ።
- ኩሉ መድሃኒታት ናጻ ኮይኑ ኣብ ዞባዊ ናይ ህዝቢ ማእከል ጥዕና ዝወሃብ እዩ።
- መድሃኒትካ ኣብ እትወስደሉ እዋን ናይ ህዝባዊ ማእከል ጥዕና ነርስ ክትሕግዘካ እያ።

## ሕማም ቲቢ ምህላውካ እንተጠርጠርካ፥

- ካብ ካልኦት ርሒቕካ ኣብ ቤት ጽናሕ።
- ናይ ስድራኻ ሓኪም ወይ ድማ ብዘይ ቆጸራ ዝርኢ ክሊኒክ ደውል።

ብዛዕባ ቲቢ ሕቶታት እንተሎካ፡ ብኽብረትካ ንሓኪምካ ርኸቦ ወይ ብ905-546-2063 ብምድዋል ምስ ናይ ህዝባዊ ማእከል ጥዕና ነርስ ተዘራረብ።



905-546-2063
www.hamilton.ca/tuberculosis

Hamilton